# ጣልቃ ምእታው ግዳማውያን ሓይልታት ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ

# ንሰላም'ዶ ንህውከት?

## ብግርማይ በርሀ ገብረሚካኤል (ሽካነ) ቀዳማይ ክፋል

02/16/2012

ኣብዞም ዝሓለፉ 80 ዓመታት፡ ኣብ ቁጠባዊ ረብሓታትን ስነ ሓሳባዊ ፍልስፍናን መሰረት ዝገበሩ ፍልልያት፡ ብሃገራዊ፡ ብዞባውን ዓለማውን ግጭታት ዝፍለጡ ፡ ብደረጃ ክብደት ኣፅናውነቶም ዝፈላለዩ ፡ ብቑጽርም ብርክት ዝበሉ ወተሃደራዊ ምርጻማት ተራእዮም። እዞም ምርጻማት እዚኦም ድማ ማእለያ ዘይብሎም ህይወት ደቂ ሰባት ዝቀዘፉ፡ ንብረታት ዘፅነዉ፡ ምዝንባላት ህዝቢ ፈጢሮም ናይ ስደት ጠንቅታት ዝኾኑ፡ ተፈጥሮኣዊ ጸጋታት መሬትን ማያትን ዝበከሉ እዮም።

ብዙሓት ብሃገራዊ ደረጃ ክፍትሑ ዝግቡኦም ውሽጣውያን ግርጭታት፡ ናይ ካልኦት ስትራተጅካዊ ረብሓታት ከጣጥሑን ከሕልዉን ተባሂሎም፡ ዞባውን ዓለማውን ሓይልታት ብምትእትታው ክምዝጋፍሑ ተገይሮም። ሽግራት ንምፍታሕ ብዝብል ጉልባብ ፡ ኣብ ክንዲ ነቶም ዝዝረበሎም ኣለዉ ዝበሃሉ ናይቶም ዝምልከቶም ኣካላት ጸገማት ንምፍታሕ ምስራሕ፡ ናይቶም ካልኦት ካብ ጎርባብቲ ኮነ ካብ ርሑቅ ኣማዕድዮም ዝረኣዩ ረብሓታት ብቀዳምነት ተሰሪዖም ክኸዱ ጸኒሖም።

ዞባውያን ትሕዝቶ ዘለዎም ግርጭታት'ውን ኣብ ክንዲ ብዞባዊ ሕግታት መሰረት ገርካ ጸገማት ምፍታሕ፡ ንገለ ኣካላት ኣስዲዕካን ገዚዕካን ንምሓዝ ብትካቦ ረዲኤትን፡ ኣብ ውሽጣዊ ጉዳያት ሃገራት ብናይ ስልጣን ሓለዋ ቀጻልነት ውስነትን ንመራሕቲ ብምጥባር፡ ኣንጻር ካልኦት ክስለፉ ከምዘለዎም ከም መሳርሒ ብምጥቃም ፡ ነበርቲ መፍትሕታት ከምዘይርከቦም ተገይሮም። ከምኡ'ውን ሑዱራት ሕማማት ኮይኖም ንኻልእ ዕላማ ከምመፈራርሒ ከገልግሉ ተገዲፎም። በዝን ብኻልኦት ዝተፈላለዩ ጸገማትን ተንኮላትን ናይ ልምዓትን ሰላምን ዕድላት ተዓጽዮም፡ ናይ ዕንወትን ጥፍኣትን ጉዕዞታት ክምረጹ ጸኒሖም ። ከም ውጺኢቱ ድማ ብዙሓት ህዝብታት ሓድነቶም ላሕሊሖ፡ ባህላዊ ክብርታቶም ተደፊሩ። ካብ ኩሉ ዝኸፍኣ ከኣ ብውሽጣዊ ዓቅምታት ኣፍሪቃውያን ክምዕብሉ ዝግበኦም ሕብረተሰባዊ ምዕብልናታት'ውን ተቆጽዮም ጸኒሖም ኣለዉ።

ነቶም በብጊዚኡ ክራኣዩ ዝጽንሑን ዘለዉን ግርጭታት ፡ ብጎንጺ ክፍትሑ ከም ምርጫ ይውሰዱ ስለዝነበሩን ስለዘለዉን፡ ብወተሃደራውን ስለያውን ስረሒታት ክድገፉን ፡ ብቁጠባውን ዲፕሎማስያውን ቁርቁሳት ክስነዩን ስለዝነበሮምን ስለዘለዎምን ብቀጥታ ኮነ ብተዘዋዋሪ ፡ ኣብ ጉዳይ ናጻ ክኾና ዝግበአን ሃገራት ጣልቃ ብምእታው፡ መዐቀኒ ክርከበሎም ዘይክእሉ ሰብኣውን ነገራውን ዕንወታት ተፈጺሞምን፡ ገና ይፍጸሙ ኣለዉን። ካብቶም ብደረጃ ዓለም ብኣዝዮም ከበድቲ ዕንወታት ዝልለዩ ፡ ኣብ ብዙሓት ጽሑፋት ዝግለጹ ናይ ኮርያን ቬትናምን ምትእትታውን ኲናትን ክንጠቅሶምን ብዙሕ ክንመሃረሎምን ንኽእል ኣብነታት እዮም።

ኣብ ዘባና'ውን ፡ ኤርትራ ኣብ ትሕቲ ኢትዮጵያን ተሓባበርታን ኣብ ዝነበረትሉ ጊዜ ፡ ኣመሪካውያን ካብ መደበር ቃኘው ኣስመራ ናብ ሶማል ወደብ ባርበራ፡ ሶቭየታውያን ካብ ሶማል ወደብ ባርበራ ናብ ደሴታት ዳህላክ ኤርትራ ፡ ንስትራተጅካዊ ረብሓታቶም ክብሉ ወተሃደራዊ መደበራት ክቀያይሩ ተራእዮም ። ገዛእቲ ስርዓታት ኢትዮጵያ መሬት ኤርትራ መደበር ግዳማውያን ሓይልታት ብምግባር ይረኽብዎ ዝነበሩ ወተሃደራውን ቁጠባውን ዓስብታት ተጠቂሞም፡ መጨፍጨፊ ህዝቢ ኤርትራ ይጥቀምሉ ነበሩ። መሬትን ባሕርን ኤርትራ ብዘምጽኦ ገንዘብ፡ ዓድታትን ህዝብን ኤርትራ ንመዕነውን ንመቅተልን የገልግል ነበረ ። ኣብ'ዚ ጊዜ እዚ እውን እንተኾነ ገዛእቲ ስርዓታት ኢትዮጵያ ንሃገርን ህዝብን ኤርትራ የዕኑን ይብታትንን ዝብልዎ፡ ኣሎ ዝበሃል ክገበርዎ ዝኽእሉ ተንኮላት ኣብ ተግባር ንምውዓል ዞባውን ዓለማውን ሓይልታት ክጥቀሙ ፈተነታት ክገብሩ ምኽኣሎም፡ ዝፈጸምዎ ገበናት ምጻር ዝሳኣኑ ኣብ ዕብዳን ዝኣተዉ ይመስሉ ። ገበናት ዝፈጸሙ ኣብ ዓቅሊ ጽበትን ነውጽን ምእታዉ ፍሉያት ጠባያት ስለዝኾኑ።

ናይ ግዳም ሓይልታት ዘይተፈልይዎ ቀርኒ ኣፍሪቃ ፡ ብጀካ ክንድእዋ እምበር ፡ ክርብሕዋ ዝመጹ ሓይልታት ኣማዕድያ ሪኦ ዘይትፈልጥ ኤርትራ ፡ ኣብዚ ጊዜ እዚ ከኣ ኣመሪካ፡ ኣብ ኢትዮጵያን ጅቡትን ፡ ፈረንሳ ድማ ካብ ነዊሕ ጊዜ ጀሚራ ኣብ ጅቡቲ፡ ወተሃደራዊ መደበራት፡ ናይ ስለላ መሳለጢ መሳርሒታት፡ ብሰብ ኣልቦ ተመሪሐን ዝተባህልኦ ዝፍጽማ ነፈርትን ካብ ባሕሪ ሮኬታትን ዝውንጭፋ መራኽብን ይቆጻጸሩ ኣለዉ ። እዚ ናይ ግዳም ሓይልታት ንሃገራት ንምቊጽጻርን ንምሕላውን ዝግበር ስራሓት ፡ ንህዝቢ ቀርኒ ኣፍሪቃ ጥራይ ዘይኮነስ ነቶም ቅድሚ ሕጂ ጣልቃ ዘእተዉን ኣብዚ ጊዜ'ዚ እውን ጣልቃ ዘእትዉ ዘለዉ ግዳማውያን ሓይልታት'ውን ጠቅምታቶም ዝሕልዉ ኣይኮኑን ።

**ህዝብታት ኣመሪካን ፈረንሳን ከምኡ'ውን ካልኦት ፡ ካብ ብወተሃደራዊ ሓይሊ ፡ ብምክብባር ብንጹር ዝምድና ዝያዳ ምረብሑን ጥቅምታቶም'ውን ምተሓለወን። እዚ ከኣ ንኹሉ ዝሓሸ ዕብየትን ግስጋስን ከምጽእ ምኽኣለ። ቅድሚ ሕጂ ዝተፈተነ ከፍሪ ዘይካኣለ ዝኣረገ ዝምድና ፡ ናብ ብሓባር ከገልግል ዝኽእል ዝምድና ምቅያሩ ሓደ ካብቲ ሰላም ዝፈጥር ጉዳይ ምኾነ። ናይ ኣፍሪቃ ድሕረትን ህውከትን ናይ ዓለም ጸገም ገርካ ክረኣ ምተገበአ ፡ ካብ ምስ ዝዳሓረ ምስ ዝማዕበለ ቁርቁሳት ክትገብር ምሓሸ ዝያዳ ምዕባለ'ውን ምፈጠረ።**

ክሳብ ሕጂ ኣብ ኣፍሪቃ ብሓገዝ ግዳማውያን ሓይልታት ዝበኣሰን ዳግማይ ዝተሓላለኸን ነገራት እምበር፡ ዝተፈትሐ ጸገም የለን። ካብ ግዳማዊ ምትእትታው ኣፍሪቃ ብጀካ ሓሳርን ዕዳን ካልእ ረብሓታት ዝረኸበቶ የለን። ብሰንኪ ግጉይ ሜላን ናይ ወራር ምርጫን ፡ ኣፍሪቃውያን ዝዓነዋን ንምፍትሐም ኣጸገምቲ ዝኾኑ ግርጭታትን ዝወረሳ እምበር፡ ሰላም ዝረኸባ ሃገራት ኣይርኣናን። ከም ሳዕቤን ናጻን ሓራን ዘይምኧን ዝፈጠሮ ጸገማት፡ ፡ መብዛሕትኡ ውሽጣዊ ጉዳያት ቀርኒ ኣፍሪቃ ብኣፍሪቃውያን ዝውሰኑ ኮይኖም ኣይጸንሑን። ስለዝኾኑ ኣብ ዞባና ዝርከባ ሃገራት፡ ቁጠባዊ ኮነ ፖሎቲካዊ ምሕደራኣን ብግዳማውያን ሓይልታት ዝዝወር ኮይኑ ንረኽቦ። ጎሮባብትና ከም ኣካል ምምሕዳር ናይ ሪሒቀን ዝነብራ ሃገራት ኮይነን እየን ጸኒሐንን ዘለዋን። ቀንዲ ጠንቂ ናይ ህውከትን ናይ ደም ምፍሳስን ከኣ ኮይኑ ኣሎ።

እተን ማዕቢልና ኢና ዝብላ ሃገራት ፡ ነተን ዘይማዕበላ ሃገራት ቅንጣብ ናጽነት ከይሃባ ከም ኣገልገልትን ተለኣኣኽትን ገይረን ዝሕዘኣን ተኾይነን፡ ኣብ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ሓሙሽተ ሃገራት ናይ ቀውፊ ስልጣን ሒዘን ከምድላየን ዝገብራን ንዝለኣእኽኣን ዘድሕና ዝከላኸላ፡ ንዝጻልእኣን ዝቀጽዓ ካብ ዓለም ዝንጽላ ፡ ሃገራት መቃቂለን ነናተን ኮራኹር ሰሪዓን ከምድላይ ዝሰርሓ እንተኾይነንስ ፡ እንታይ እዩ እቲ ዴሞክራሲ ፡ ፍትሒ ፡ ሰበኣዊ መሰላት… ዝባሃል? ጭርሖ ዴሞክራሲ ንምትላል ዶ ንሓቂ? እቶም ብዛዕባ ዴሞክራሲ ኮነ ፍትሒ ከዛረቡን ክሓቱን ዝግብኦም እቶም ዝተጨቆኑ ዴሞክራስያዊ መሰላት ዘይረኸቡ ዘይብሎም፡ እቶም ክኸሰሱ ዝግብኦም እቶም ዓገቲ ከልከልቲ፡ ዓለማዊ ፖሎቲካዊ ኮነ ቑጠባዊ ሓይሊ ዝተቆጻጸሩ ዝባሓቱ ክኸውን ንተገበአ፡ እንተኾነ ግን ብግምጥልሽ ንመን ንምትላል?

መብዛሕቱ ኣብ ኣፍሪቃ ዝተገብረ ኲናት ብዘይ ኣፍልጦን ፍቃድን ናይ ዓለም ጎይቶት ኢና ዝብሉ ኣይተገብረን። መብዛሕቶም ምግምጣል መንግስቲ ዝገብሩን ዝፍትኑን ብዘይ ሕጋዊ ህውከት ዝኣጉዱን ምስ መን ምስ መኸሩ? ኣብ ኣፍሪቃ ዝተተኾሰ ጥይትን ቦምባታትን'ውን ኣብ ኣፍርቃ ኣይተሰርሐን። ናይዚ ኩሉ ዕንወትን ህልቂትን መን'ዩ ተሓታቲ? ካብ ሰሪሑ ሽይጡ መኽሰብ ዝረኸበ ንላዕሊ መን ተሓታቲ ክኸውን ምተገበአ?

ካብ ንሰበ ስልጣን ጅቡቲ ምዝራብ፡ ንሰበ ስልጣን ፈረንሳ ብምዝራብ ክሳለጥ ዝኽእል ውራይ ይዓቢ ። ካብ ንሰበስልጣናት ኢትዮጵያ ምዝራብ ፡ ነሰበ ስልጣን ኣመሪካ ብምዝራብ ክፍታሕ ዝኽእል ጸገማት ይበዝሕ። ካብ ንሶማላውያንን ነቶም ኣብ ሶማል ወተሃደራት ሰዲዶም ዘለዉ ልኡኻት ምዝራብ ፡ ነቶም ገንዘብ ዝኸፍልዎምን ዝቅልብዎምን ዘለዉ ሓይልታት ምዝራብ ዝሓሸን ዝቀለለን መንገድታት ክትፈጥር ትኽእል። እምበኣርከስ ብሰንኪ ከምዚ ዝኣመሰለ ፡ ናይ ዑሱብን ዓሳብን ዝምድና ፡ ናይ ለኣኽን ተለኣኽን ርክብ ፡ ሃገራት ኣፍሪቃ ክባድማ እምበር ክለምዓ ኣይተራእያን ። ህዝበን ኣብ ድኽነት፡ ሕማም፡ ድንቁርናን ስደትን ሕማቅ ናብራ ይነብር ኣሎ። ዝፍክሩ ኣፍሪቃውያን "መንግስታት" ተተረኽቡ ፡ ብትካቦ ረዲኤት ንጊዚኡ ዝጸገቡ ጥራይ እዮም። ሃገራውያን ኢና እናበሉ ህዝቦም ዝብድሉ "መረሕቲ ኢና ዝብሉ" እንተለዉ'ውን፡ ብግዳማውያን ዝሰልጠኑ ወይ ከኣ ዝተነግሩ እዮም። ከምዚ ስለዝኾነ ከኣ እዩ ኣፍሪቃውያን ክርህዎምን ከምቲ ዝድለ ናብ ዝማዕበለ ደረጃ ክሰጋገሩን ዘይከኣሉ ። እኳ ድኣ ሃገራት ይቆራረጻን ህዝበን ይበታተንን ግዳያት ይኸውንን ኣሎ። ዑሱባት "መራሕቲ" ብትእዛዝ ናይ ኣዘዝቶም እንተዘይኮይኖም ነንሕድሕዶም ጊዚያዊ ሓድነት ኮነ ምስ ካልኦት ዕርቂ ክገብሩ ዝኽእሉ ኣይኮኑን። ምኽንያቱ እንታይ ከምዝገበሩ ብኻልኦት ስለዝንገሩ ። ዝዓርቁን ዘባእሱን ካልኦት ስለዝኾኑ። ብድሌት ህዝቦም ናብ ስልጣን ዝድይቡ ፡ ብድሌት ህዝቦም ብቅዓት የብልኩምን ተባሂሎም ካብ ስልጣን ዝወርዱ መራሕቲ፡ ኣፍሪቃውያን ሪኢና ኣይንፈልጥን። እኳ ድኣ ኣብ ክንዲ ንህዝቦም ፡ ንኻልኦት ንኽሰምዑን ንኽገልግሉን ዝተሰርሑ መራሕቲ ኢና ባሃልቲ ኣፍሪቃውያን እዮም ዘለዉ። ብትሪ ዝጽሕፍን ዝዛረብን ተተረኽበ ደረቀኛ በሃልቲ ብዙሓት እዮም።

ጭቡጣት መርተዖታት ናይ ሕሉፋትን ህልዋትን ፍጻሜታት ብዝበለጸ ኣነጺሮም ዝገልጹን ዘድምቁን ኮይኖም ንረኽቦም ። የጋጥሙ ንዝነበሩን፡ የጋጥሙ ንዘለዉን ፡ ኣሉታውያን ሽግራት ንምፍታሕ ኮነ፡ ተሞኩሮ

ወሲድካ እንደገና ከይድገሙን ካልኡት ከይብድሉን ንምዕጋት ፡ እቶም መሰረታውያን ዝኾኑ ጠንቅታት ናይቶም ጸገማት ብግቡእ ብምርዳእ ነበርቲ ዝኾኑ መፍትሒታት ንምርካብ ቃልስታት ምክያድ ፡ ዓይነታዊ መቐይሮታት ከምጽኡ ይኽእሉ። ቅኑዕ ቃልሲ ዝካየድ'ውን ንጸገማት እናፈታሕካ ንቅድሚት ንምግስጋስ ጥጡሕ ባይታታት ንኽህሉ ተባሂሉ እዩ።

ብናይ ገዛእ ርእሶም ዓቅምታት ከማሓደሩ ዘይከኣሉ ሓይልታት ካብ ሓሳር ናብ ሓሳር ምስግጋር ስለዘይስእንዎ፡ እዘን ኣብ ዞባና ዝርከባ ኣብ ሓሳር ዝነብራ ዘለዋ “መንግስታት” ብብጊዜኡ ንረብሓ ናይ ካልኦት ተለኣኣኽቲ ምዃን እንተዘይኮይኑ ፡ ህዝባዊ ረብሓታት ክሕልዋ ኣይተራእያን። ብዓቅምታት ህዝበን ዝዓቢ ቁጠባዊ ህንጻ ሃገር ኮነ ፖሎቲካዊ ሃገራዊ ምሕደራ የለን። እዚ እንድሕሪ ዘየለ ናጽነት ኮነ ዴሞክራሲ ዝበሃል ንምትላል ዝዝረብ እንተዘይኮኑ ካልእ ትርጉም የብሉን። ኣህጉር ኣፍሪቃ ብሓፈሻ ቀርኒ ኣፍርቃ ድማ ብፍላይ ፡ ምስዚ ኩሉ ሕሉፍ ናይ ጸልማት መዋእል ጊላነት ፡ ናይ መግዛእትን ስዉር መግዛእትን ሕሰምን መከራን ፡ ዝፈጠሮን ዝፈጥሮ ዘሎ ዕንወታት፡ ዘኸተሎ ድኽነትን ኣብ ህዝቢ ዝፈጥሮ ዘሎ ህውከትን ስደትን ሕቡኣት ዘይኮኑስ፡ ኣዝዮም ቁሉዓት እዮም። ናይዚ ተሓታትን ቀንዲ ጠንቅን ግን መንእዩ?

ኣብ ኣፍሪቃ ህዝብታት ኣብ ሽግራት ተኺልካ ኣብ ጸልማት ናብራ ምንባር ነዊሕ ታሪኽ ዝሓዘ ክንሱ ፡ ክሳብ ሎሚ መፍትሒታት ዘይተረኽበሎም ዘለዉ ጉዳያት እዮም ። እቶም ቀንዲ ሽግራት ከኣ ፡ ነቶም ጸገማት ብምልላይ ኣድለይቲ ዝኾኑ መፍትሒታት ንምርካብ ስለዘይስራሓሎም ጥራይ ዘይኮኑስ፡ መፍትሒታት ክርከቦሎም'ውን ዝድለዩ ኣይኮኑን ። ምኽንያቱ ናይ ህዝብታት ሽግራት ክፍትሑ እንተኾይኖም ፡ ናይ ካልኦት ናይ ኣዝዮም ውሑዳት ፍሉይ ረብሓታት ዘለዎም ሓይልታት ጠቕምታት ስለዝትንከፉ ፡ ክራኸቡ ዘይክእሉ ተጋራጨውቲ ጠባያት ስለዘለዎም እዮም ። ስለዚ ህዝባዊ ረብሓታት ክሕሎ ተኾይኑ ጉሁድን ንጹርን ቃልሲ ይሓትት። ህዝቢ ናይቲ ቃልሲ ዋንነት ክሕዝ፡ ብቅዓት ዘለዎ መሪሕ ካብ ውሽጡ ክጥሪ ፡ ውሽጣውን ግዳማዊ ኩነታትን ጸገማት ብግቡእ ምምዛንን ንዕኡ ክብድህ ዝኽእል ለውጥታት ምግባር… ዝሓትት ጉዳይ እዩ።

ከምቲ ኣብ ሑሉፍ ታሪኽ ንኣፍሪቃውያን ባሮት ኣኪቦም ናብቶም ዓደግቲ ነጋዶ ዘቕርቡን ኣብ ምሻጦም ዝተሓባበሩን ዝነበሩ ውሑዳት ኣፍሪቃውያን ፡ ኣብ ዘመና'ውን ንመግዛእትን ንስዉር መግዛእትን ኣጸባቢቆምን ኣቃናጅዮምን ከቕርቡ ዝፈተኑ ውሑዳት ኣፍሪቃውያን ኣይተሳእኑን። ህዝባዊ ረብሓታት ረሲዖም ውልቃዊ ጠቕምታቶም ጥራይ ዘቕድሙን ሞራላዊ ክብሮም ዝሸጡን ዘይገብርዎ ገበን የሎን። ነቶም ቀንዲ ናይ ህወከት ሓይልታት ገዲፎም ነቶም ግዳያት ዝውንጅሉ ፡ ነቶም ኣብ ውሽጣዊ ጉዳያት ናይ ካልኦት ኢድ ዘእትዉ ከም ቅቡል ምትእትታው እናምሰሉ ክጽሕፉን ክፈርዱን ይራኣዩ። ንዓመጽትን ተለኣኣኽቲ ሓይልታትን ንዝፍጽምዎ ዕንወታት፡ ንዝኣልምዎ ተንኮላትን ሸርሒታትን ፡ እናተኸላኸሉ ከም ናይ ሰላም ሃወርያት ገይሮም ከቕርቡ ይፍትኑ። ናይ ሸፈጥ ምኽኒታት ከፈጥሩን ጸላእቲ ህዝቢ ዝብልዎ ክደግሙን ምርኣይን፡ ብዝተፈላለየ መልክዓትን መራኸቢታትን እናተጠቀምካ ህዝቢ ንጹር ራእይ ከይህልዎን ጸላእቱን ፈተውቱን ከየለሊ ድንግርግራት ምፍጣርን ጉሁድ ዘሕዝን ተርእዮ ኮይኑ ኣሎ።

ንህዝቢ ክገልግል ዘይክእል ዕላማ ብምሓዝን ንፍሉያት ጠቅምታት ብምጥማትን ንዝሓለፉን ንዘለዉን ተርእዮታት ክገልጹን ክንጸባርቁን ዘይክእሉ፣ ትሕዝቶታት ዘለዎም መልእኽትታት ከተተሓላልፍ ምፍታን ህዝባዊ ረብሓታት ከዕውት ዝኽእል ነገር ኣይኮነን። እዚ ከኣ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ዘለካ ኣኽብሮት ኮነ ናይ እንታይነትካ መግለጺ ዝኾነ ሞራላዊ ክብሪ ኣብ ሕቶ ምልክት ዘእትዎ ጉዳይ ምዃኑ'ውን ኣይተርፎን። ክብርታት ሃገራት ንምፍራስ ኣብ ዝግበር ተንኮላት ተኻፋሊ ምዃንካ ዘረጋግጽ ኣብ ታሪኽ ክሕከኽ ዘይክእል ገበን'ዩ። ኣብ ውሽጣዊ ጉዳያት ሃገራት ዝህልዉ ጸገማት ግዝያውያን እዮም። ህልውና ሃገራት ከጥፍእ ዝኽእል ተንኮላት ከተዕውት ላዕሊ ታሕቲ ምባል ግን ካልእ እዩ።

ካብቲ ብዙሕ ስነ ኣእምሮኣዊ ኩናት ዝካየደሎም ዝደጋገሙ ዘለዉ ህዝብናን ሃገርናን ኤርትራ ዝውንጅሉ ናይ ሓሶት ተንኮላት፣ እዚ ብዛዕባ ናይ ከባቢና ዝምልከቱ መግለጺታትን ትንታነታትን እዮም። ብዘለወን ውሽጣዊ ምምሕዳራዊ ጸገማትን ብቑዕ መሪሕ ዘይምህላውን ሰላም ኣስተማቂረን ዘይፈልጣ ፡ ብትካቦ ዝነብራ ምዃነን ብታሪኽን ዘመስከራ ፡ ሕፍረት ኣፍሪቃ ዝኾና ገለ ጎረባብቲ ሃገራት ኤርትራ፣ ወነንቲ ሰላም ኮይነንስ ፡ ኤርትራ ሰላም ከምዝኸላኣተን ገርካ ምቕራብ እዩ ። እዚ ከኣ ብቀጥታ ምስቲ ተበለጽቲ መራሕቲ ሃገራት ቀርኒ ኣፍሪቃ እንታይ ክብሉ ከምዘለዎም ተነጊሮም ኣብ ውድብ ባይቶ ሕቡራት ሃገራት ከቕርብዎ ዝጸንሑን ዘቕርብዎ ዘለዉ ክስታትን ዝተኣሳሰረ ጉዳይ እዩ ። እዚ ጉዳይ እዚ ሕሱር ዓስብታት ሃልይዎ ናይ ብዙሓት ረብሓታት ዝጠለመን ፡ ንኻልኦት ቀቲልካ ጠቅምታትካ ንምሕላው ምርጫ ተገይርሉ ዝተኣትወ ጉዳይ እዩ ። ገዛእቲ ኢትዮጵያ ብሂወት ኤርትራውያን ክሳብ መኣስ ክጣልዑ? ኣይበዝሐን ዶ? ነቶም ጸላእቲ ህዝቢ ኤርትራ ዝደልይዎ ክፍጽም ኣለዎ ዝብሉ ውሑዳት ኤርትራውያን ከ እንታይ ንብሎም?

ኣብ ዝሓለፉ ቁሩብ ኣዋርሕ ሓደ ሓውና ነዚ ዝምድና ኤርትራን ኣመሪካን ዝምልከት ብዝዝንቶ ናይ ኣንበሳን በጊዕን ዛንታ ገሩ ከምዚ ዝስዕብ በለ፦

“ ኣንበሳን በጊዕን ኣብ ሓደ ዛራዪ ማይ ኮይኖም፣ ኣንበሳ ብላዕሊ በጊዕ ከኣ ብታሕቲ ኮይኖም ማይ ይሰይትዩ ነበሩ። ነገር ዝደለየ ኣንበሳ ፡ ኣንታ በጊዕ ማየይ ትዘርገለይ ኣለኻ በሎ። በጊዕ ዛርዪ ማይ ከመይ ገሩ ካብ ታሕቲ ንላዕሊ ይኸይድ? ብምባል ይገርሞ ይብል ። ” ኣነ ንኣንበብቲ ዘለኒ ሕቶ ከኣ ናይ ኣንበሳ ጠባይ ገዲፈ ፡ ሓቂ እዩ ኣንበሳ፣ ማዩ በጊዕ ይዘርገሉ ኣሎ ንዝብሉ ዝኣረጉ ዝሸምገሉ ናይ ሕጊ ኪኢላታት ኢና ንዝብሉ እንታይ ነብሎም?

ንሕና ኤርትራውያን ፡ ነዞም ብሓሶት ተጠርኒፎም ህዝብናን ሃገርናን ከጥቅዑን ህዝብና ብናቱ ዓቅምታት ሰሪሑ ብሰላም ከይነብር ክዕንቅፉ ተንኮላት ተቀኒቶም ዝሰርሑ ዘለዉ ግዳማውያን ጸላእቲ፣ ብሓባር ክንምክቶም ይግባእ። ናይ ውሽጥና ጉዳይ ይጸብቅ ይሕመቅ ናህና'ዩ፣ ንኻልኦት ኣይምልከቶምን ነናቶም ይግበሩ። እዛ ንፈልጣ ዓለም ድያ ወስስ ካልእ ኣላ እያ? ሃገራዊ ጉዳይ ስለዝጠዓመካ ወይ ከኣ ስለዝኸፈኣካ ንኩነታትካ እናረኣኻ ፡ ዋላ ንእሽቶ ክፋል ፡ ዋጋ ዝተኸፍሎ ጉዕዞ ሃገርን ህዝብን ከምድላይካ ቀያይርካ ክትገልጾን ጽልግልጋት ክትፈጥርን ኣይግባእን። ምኽንያቱ ፡ ሃገር ዋናታታ ብዙሓት እዮም። ብፍላይ ኤርትራውያን ዓብዪ ዋጋ እናተኸፍለ ኮሎ መን

ምሳና ነይሩ መን ኣይነበረን ኣጸቢቅና ንፈለጥ ስለዝኾና እዚ ናይዚ ጊዜ'ዚ ናይ ግዳም ተጻብኦታት መቀጸልታ ናይ ቀደም ምዃኑ ንስሕቶ ኣይመስለንን። በኣጽዋርምን ብስንቶምን ህዝብና ተጎዲኡ እዩ።

ኣብ ዝኾነ ሕብረተሰብ ዝተፈላለየ ውሽጣዊ ድሌታትን ክውንነትን ከምዘለዉ ዝሳሓቱ ኣይኮኑን። ክህልዉ ዝኽእሉ ውሽጣዊ ግርጭታት ኮኑ ክፍትሑ ዝግበኦም ጸገማት ኩሉ ጊዜ ከም ክህልዉ ዝግበኦም ውሽጣዊ ኣተሓሳስባታትን ቁሩቁሳትን ወሲድና፡ ብጉቡእ ንምዕባለ ህዝብና ክንጥቀመሎም ይግባእ። ኤርትራውያን ካብ ውሽጣውያን ግርጭታት ተላቂቅና ኣይንፈልጥን ኢና ። ክንላቀቅ'ውን ኣይንኽእልን ኢና። ምኽንያቱ ጠባያት ሕብረተሰባዊ ጉዕዞታት ስለዝኾኑ። ንሰላም ብውሽጣውን ግዳማውን ኩነታት ኣተኣሳሲርካ ምርኣይ'ውን ግድን እዩ። ካብዚ ሓሊፉ ግን ንዝህልዉ ውሽጣዊ ጸገማትን ናይ ከባቢ ሽርሕታትን መዝሚዝካ ፡ ጉዳዮም ከሳልጡ ዝደልዩ ግዳማውያን ሓይልታት ክጥቀምሉ ዝኽእሉ ኣፍደገ ክትከፍት ብሓሳብ ኮነ ብተግባር ተሓባባሪ ምዃን፡ ካብ ሕድሪ ሰማእታት ኤርትራ ካብ ምጥላም ሓሊፉ እንታይ ክባሃል ይካኣል? ኣብ ታሪኽ ሕብረተሰባዊ ጉዕዞታት ውሽጣዊ ጉዳያቶም ንኻልኦት ዘረከቡ፡ ብዘለዎም ውሽጣዊ ጸገማት ተደሪኾም ምስ ግዳማውያን ኮይኖም ንሃገራውያን ክሃስዩ ዝፍትኑ፡ ሃገሮን ህዝቦምን ከዕንዉን ክሃስዩን እምበር ከመዝግብዎ ዝኽኣሉ ህዝባዊ ዕላማ ኣይተራእየን። እኺ ደኣ ነብሰ ምትእምማን ኣጥፊኡ ፡ ነቲ ኣብ ሐደ ሕብረተሰብ ክህሉ ዝኽእል ናይ ተጻራርነትን ሓድነትን ውሽጣዊ ነብሱ ዝኽኣለ ናይ ምዕባለ ማዕበላትን ቁሩቁሳትን ዝሕምሽሽ ምርጫ ኮይኑ ንረኽቦ።

ዝኾነ ይኹን ፖሎቲካዊ ትሕዝቶ ይሃሉ፡ ነቲ ኣለኒ ትብሎ ፖሎቲካዊ ዕላማ ከተዕውት፡ ናይ ህዝቢ ኣገልጋሊ ኮንካ ሃገርካ ከተዕቢ ፡ ረብሓታት ሃገርን ህዝብን ሓልይኻ፡ ኣብ ሕብረተሰበይ ትብሎ ዝዓበኻሉ ፡ ንምዕብልና ዓንቀፍቲ ዝኾኑ ነገራት ኣልጊስካ ፡ ቀጻልን ዘየቓርጽን ምዕባልናታትን ለውጥታትን ከተዕውትን ንቅድሚት ክትደፍእን ጻዕርታት ምክያድ፡ ህዝቢ ኤርትራን ንህዝባዊ ዕላማ ደው ኢሎም ሃገር ክሃንጹ ዝሰርሑ ዘለዉ ኣካላትናን ዝጸልእዎ ጉዳይ ኮይኑ ኣይስማዓንን። እዚ ኣተሓሳስባ'ዚ ብዘይምክኒት ዝጥረ ድሌት'ውን ኣይኮነን ። እንታይደኣ በብጊዚኡ ኣድለይቲ ለውጥታት ምግባር ሂወት ሕብረተሰብ ተባሂሎም ስልዝእመነሎምን ክሰርሑ'ውን ስለዝራኣዩን ስለዝኾኑን ኮይኑ፡ ደቂ ሰባት'ውን ብባህርያቶም ኣብ ሓደ ደረጃ ምዕባለ ተወሲኖም ዘለኣለም ክነብሩ ስለዘይደሉን እዮም ። እዚ ናይ ቀጻሊ ለውጥታት ኣተሓሳስባ'ዚ ብፍላይ ኣብ ሕብረተ ሰብና ብሓያል መልክዑ ዝጸንሐ ፡ ንኹሎም ጸላእትና ክንምክት ዘኽኣለን ህልውናና ዘረጋገጸን ዓብዪ ፖሎቲካዊ ክብደት ዘለዎ ኣተሓሳስባ እዩ። ብሃገራዊ ተወፋይነት፡ ሓርበኝነትን ህዝባዊ ሓልዮትን ንገልጾ ጉዳይ ከኣ እዩ።

ኣብዚ ጊዜ'ዚ ናጻ ዝኾነ ቁጠባዊ ሓይልን ፖሎቲካው ምሕደራን ከተዕቢ ፡ ሓያል ውዳበ ፡ ንቕሓት፡ ነብስኻ ማዕረ ህዝብኻ ምስራዕ፡ ካብ ውልቃዊ ሓባራዊ ረብሓታት ምቅዳም ፡ ንውሽጣውን ግዳማውን ኩነታት ምምዛንን ንዕኡ ንምብዳህ ኣድለይቲ ለውጥታት ምግባር፡ ዘሎ ሃገራዊ ዓቕምታት ብጉቡእ ምጥቃም፡ ንዝህሉ ግርጭታት ብጉቡእ ምፍታሕን ካብ ተሞኩሮ ምምሃርን .... ዝሓትት ስራሕ ምኻኑ ርዱእ እዩ። ንዝኾነ ነገር ንምስራሕ ከኣ እቲ ዝበለጸን ዝሓሸን ነባሪ መፍትሕን ዝሓየለ ሓይልን ፡ ብዓቕምታትን ክውንነትን ሃገርን ሃገራውያን ክስራሕ ምስዝኽእል ኮይኑ ንረኽቦ ።

ምኽንያቱ እቶም ተጠቀምቲ ብናቶም ጸዕሪ ክነብሩን፡ ዝነብርሉ ከባቢ ክቅይሩን ከማሕይሹን ፡ ባህሎምን ክብርታቶምን ሓልዮም ንቅድሚት ክስጉሙ፡ ንዕኦም ዘገልግል ስርዓት ከማዕብሉ ፡ ውሽጣዊ ቁርቁሳት ከካይዱ ፡ ብቅዓት ዘለዎም መራሕቲ ከጥርዩን፡ ህዝቢ ናይ ገዛእ ርእሶም ምርጫ ሓላፍነትን ክኸውን ስለዝግባእን እዩ ። መራሕቲ ሃገር ዝበሃሉ ንህዝቦም ዘገልግሉ እምበር ንኻልኦት ንኽምእዘዙ ዝተሰርሑ ክኾኑ ኣይግባእን። ህዝቢ ንዕኡ ዝሕሾን ዝጠቅሞን ናይ ምፍላጥ ዓቅምታት'ውን ኣለዎ ተባሂሉ ዝንገር'ውን ብዘይምኽኒት ኣይኮነን።

ሃገራዊ ጉዳይ ንሃገራውያን ይምልከት ክበሃል ከሎ፡ ንትነብረሉ ስርዓት ባዕልኻ ድኣእምበር ካልእ ሰብ ካብ ግዳም ዝመጸ ኣብ ዘይነብረሉ ስርዓት ወሳኒ ክኸውን መልክዕ ስለዘይብሉ እዩ። ካብኡ ዝኸፍኣ ከኣ ብግዳማውያን ብኻልኦት ንብሎም ዝተሰርሐ ውራይ ፡ ምስዝባላሾ ከተዕርዮን ክትጽግኖን ነቶም ዝሰርሕዎ ዝፈልጥዎ ትብሎም ክትጽውዖም ትግደድ። ጸዊዕካዮም ክሳብ ዝመጹኻ ክትጽበ ብፍላይ ኣብ ህጹጽን ጽንኩርን ሃገራዊ ጉዳይ ቀሊል'ውን ኣይከውንን ሽግሩ ከኣ ዓብዪ እዩ ። ኣብ ጸገም ምስወደቕካ ፡ ግደፍ እናተባህልካ ናይ ሃገራውያን ሃናጺ ሪእይቶ ነጽግካ ኣቀዲምካ ዝፈጸምካዮ ጌጋታት ጊዜ ሓልዩ ዓብዪ ጸገም ኮይኑ ይመጸካ ። ካብ ከምዚ ዝበለ ጸገማት ክትላቀቕ ፡ ንጉዳይካ ባዕልኻ ዋና ክትከውን ይምረጽ። ሂወት ሃገር ኣብ ኢድ ካልኦት ምስእትኸውን ከም ሰብ ማዕረ ካብ ምኻንካ ኣትሒቱ ምስ እንስሳ ዘገዳም ዝሰርዓካ፡ ከምዚ ኣብ ገለ ጎሮባብትና ሃገራት ንሪኦም ዘሎና ዝተባሃለዎ ክገብሩ ዘለኣለም ህዝቦም ሓሚሾም ዝነብሩ ዘለዉ ከይትኸውን ምጥንቃቕ ክትገብር ግድን ይኸውን። ኤርትራውያን ብፍላይ ዘይንፈትዎ መልኩዑ ዝቀየረ መግዛእቲ ኢና ንብሎ። ህዝቢ ኤርትራ ነዚ ከምዚ ዝኣመሰለ ጸገማት ፈሊጡ ዝተቃለሰ ህዝቢ ከምምኳኑ መጠን ብዙሕ ሓድሽ ነገር ዝኾና ከምዘየለ ፍሉጥ እዩ።

ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ተሞኩሮኡ ዝረኣዮ ብዙሕ ነገራት ኣሎ ። ሓደ ካብኡ ፡ ኲናት ምስ ወያነ ኣብ ዝነበረሉ ጊዜ፡ እተን ህዝቢ ኤርትራ ዘየዐበየን፡ ዘይናቱ፡ ቅድሚ ናጽነት ግልጽ ዘይበላና ድሕሪ ናጽነት ዓብዪ ስራሕ ተረኺበ ኢለን ዝጎየያ ትካላትን ካሎኦትን ኲናት ምስረኣያ ኣስመራ ገዲፈን ፡ ንህዝቢ ኤርትራ ጠንጢነን እየን ናብ ዝሕሸን ዝነፈጸ። ጊዜ'ውን ኣይወሰደለንን። እተን ህዝቢ ኤርትራ ዘዕበየን ፡ ናይ ህዝቢ ኤርትራ ዝኾና ናይ ህንጻ ትካላት ይኹና ካልኦት ግን ምስ ህዝብን ሰራዊትን ኤርትራ ኮይነን ፡ ዓወት ወይ ሞት ብምባል ክሳብ መጨረሻ ይወናጨፉ ነበራ። እዚ ንኹልና ዓብዪ ትምህርቲ ዶ ኣይኮነን?

ኣብ ካልኣይ ክፋል፡ ንሕና ዶ ንሶም መን እዩ ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ ህውከተኛ? መን እዩ ግዳማውያን ሓይልታት እናእተወ ጎሮባብቱ ዝበደለ? ብንጹር ንምርዳእ ናይ ነፍሲ ወከፍ ጎረቤት ሃገር ታሪኻዊ ጉዕዞታት ክንድህስስ ኢና።

ኣብ ቀጻሊ ብሰላም የራኽበና፡